FOLK
TAND
VÅRDEN
SKÅNE



# ብዛዕባ ነድሪ ግርጻን (ፐርዮዶንቲቲስ)

ፐርዮዶንቲቲስ ወይ ምምላቐ ስኒ ኣብ ግርጻን ጥቓ ስኒ ዚኽሰት ሕማም'ዩ።

**ፐሪዮዶንቲቲስ እንታይ'ዩ፧**
ፐሪዮዶንቲቲስ "ምምላቐ ስኒ" ተባሂሉ'ውን ዚፍለጥ ኮይኑ: ባክተርያ ኣብ ግርጻን ስኒ ተኣኪቦም ነድሪ ከስዕቡ ከለዉ ይኽሰት። ነዚ ኲነታት ከይፈታሕካዮ ስኽ እንተ ኢልካ - ነቶም ባክተሪያ ብመፋፍሒ ስኒ ጥራይ እንተ ሊኻዮም - ጉንዲ ስንኻ ኪብላዕ ይኽእል'ዩ። ኣብ መወዳእታ እቲ ስኒ ሱሩ ነቕነቕ ብምባል ይመሉቐ።

**ፐርዮዶንቲቲስ ከም ዘሎኒ ብኸመይ እፈልጥ፧**
ኣብ ፈለማ ግርጻን ስንኻ ዚበዝሕ እዋን ብቐሊሉ ይደሚ፤ ንኣብነት ስንኻ ክትፍሕፍሕ ከለኻ። ግርጻንካ ብጥዕዩ ከሎ ዝነበሮ ህስስ ዝበለ ሮዛ ሕብሪ ጽልም ዝበለ ቀይሕ ይሕዝ (ስእሊ 1)። ኣብዚ እዋን'ዚ: ከምቲ ንቡር እቲ ጉንዲ ስኒ ኣይተበልዐን ኣሎ ማለት'ዩ፤ እቲ ስኒ'ውን ኪሓዊ ይኽእል'ዩ። እንተደኣ ስንኻ ዘይተጽርዮ ኮይንካ ግን ኣብ ጥቓ ስኒ "ጕድጓድ" ይፍጠር'ሞ: ባክትርያ ብቐሊሉ እንዳተሓብኡ ነቲ ሕማም ከቀላጥፍዎ ይኽእሉ።

**ፐርዮዶንቲቲስ በኸመይ ከወግድ እኽእል፧**
እቲ ኣውራ ኣገዳሲ: ጽሬት ኣፍካ ምሕላውን፤ ኣስናንካ ክልተ ሳዕ ንመዓልቲ ብጥንቃቐ ብምጽራይ: ኣብ መፈላለዩ ስንኻ ዘሎ ቦታ ምጽራይ'ዩ። ሽው እቶም ባክተርያ ዚለግቡሉ ቦታ ኣይረኽቡን፤ ኣስናንካ ከኣ ብጥዑዩ ይቕጽል። ሽጋራ ምትካኽ ንመስርሕ ፐርዮዶንቲቲስ ከጋድዶን ከቀላጥፎን ይኽእል'ዩ

**እንታይ ሓገዝ ክረክብ እኽእል፧**
ሰራሕተኛታት ክንክን ስኒ: ጸጸር ስንን ካልእ ኣብ ስኒ ዚለግብን ብምእላይ: ንፐርዮዶንቲቲስ ይሕክሙ። እዚ ኸኣ ጽጸር ስኒ ብዝኣሊ መሳርሒ ወይከኣ ብመሳርሒ ኡልትራ-ሶኒክ ይትግበር። ኣብ ግርጻንካ ዕሙቕ ዝበለ ጕድጓድ እንተሎካ: እቶም ኣብኡ ተሰጊዶም ዚእከቡ ባክተርያ ንምእላይ: ኣብ ኪኢላታት ጽሬት ስኒ (ታንድሂጌኒስተር) ሓያሎ ምብጻሓት ምግባር ከድልየካ'ዩ። እዚ ኸኣ ከምቲ ልሙድ: ኣብ ከባቢ ኣፍካ ብዝግበር መደንዘዚ ይካየድ።



ስእሊ 1 ፐርዮዶንቲቲስ ኣብ ዚኽሰተሉ ወቕቲ: ግርጻን ስኒ ከምዚ ዚረአ ጽልም ዝበለ ቀይሕ ሕብሪ ኪህልዎ ይኽእል።



ስእሊ 2 ቍሩብ ጽን ኢሉ: ባክተርያ ብቐሊሉ ዚእከቡሉ "ጕድጓድ" ኪፍጠር ይኽእል።



REGION
SKÅNE